*Eritreischer Verein für Menschenrechte & Flüchtlinge*

*Eritrean Human Rights & Refugee Advocacy*

*ኤርትራዊ ተጣባቒ ማሕበር ንሰብኣዊ መሰልን ሰደተኛታትን።*

## ሰፊሕ ሰላማዊ ሰልፊ መንእሰያት ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት።

እዚ ትማሊ ዕለት 08.04.2014 ዓ.ም. " ናይ ዳብሊን መምርሒ ይወገድ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ ዝተበገሰ ሰላማዊ ሰልፊ'ዚ ሰለስተ ሰዓታት ዝወሰደ ሰፊሕ ሰልፊ'ዩ ኔሩ። ኣብዚ ብዙሓት ኤርትራውያን፣ ኢትዮጵያውያንን ሶማልያውያንን ከምኡ'ውን ጀርመንያውያን ዘበገስዎን ዝተሳተፍዎን ሰልፊ ነቲ ብዓዲ- ጥልያን ኣቢሎም ናብ ካልኦት ናይ ሕብረት ኤውሮጳ ዝኣተዉ ናይ ፖለቲካ ስደተኛታት ናብ ዓዲ- ጥልያን ይኹን ናብ ዝተበገስሉ ሃገራት ክምለሱ ኣለዎም ዝብል ናይ ዳብሊን ውሳኔ ዝነጽግን ዝኹንንን መግለጺታት ኣቕሪቦም ክብሉ ብመሰረት ዕድመ ንማሕበርና ወኪሎም ኣብዚ ሰልፊ'ዚ ዝተረኽቡ ኣባላት ሽማግለ ማሕበር ሓቢሮም።

እቲ ሰልፊ ካብ ማእከላይ መደበር ባቡራት ከተማ ፍራንክፈርት ተበጊሱ ብማእከል ከተማ ( Zeil ) ኣቢሉ ናብ ኣብያተ - ጽሕፈታት ሰልፍታት ሲ.ዲ.ኡ.ን ( C.D.U ) ኤስ.ፒ.ደ.ን ( S.P.D ) ብምብጻሕ ብሽማግሊኡ ኣቢሉ ናይ ጥርዓን ጽሑፋቱ ኣረኪቡ።

ሰልፈኛታት ኣብ ጥርዓኖም ንዓዲ- ጥልያን ምምላስ ማለት ዝኾነ መሰል ስደተኛታት ዘይምርካብን መሰል ኣልቦነት ዝማእከሉ ግናይ ሂወት ምሕላፍን እዩ ብማለት'ዮም ነቲ ውሳኔ ኣትሪሮም ዉዱቕ ክኸውን ኣለዎ ብማለት ጠለቦም ዘቕርቡ።

ብሸነኽ ማሕበርና "ኤርትራዊ ተጣባቒ ማሕበር ንሰብኣዊ መሰልን ሰደተኛታትን" እውን እንተኾነ ውሕስነትን መሰልን ስደተኛታት ዘይሕሉን ዘይርእን ግጉይ ወሳኔ እዩ ኢሉ ስለዝኣምን ዳግመ-ርእይቶ ክግበረሉን፤ ነቶም ኣብ ዓዲ-ጥልያን ዝርከቡ ስደተኛታት መሰሎም ክሕለወሎምን ናይ ክዕቆቡ ደኣ'ምበር ክሳቐዩ ከምዘይብሎም ዝጠልብ ጽሑፋት ጥርዓን ናብ ኩሎም ዝምልከቶም ሸነኻት ናይ ጥርዓን ጽሑፋት ልኢኹ ኣሎ።

ሽማግለ ማሕበር

Chicken House
GRILLHÄHNCHEN
PRO
IS OUR BASIC
RIGHT IN ITALY
REFUGEES ARE
UNPROTECTED

E.U STOP



E_mail : eritreanhumanrights@yahoo.de , ehrra.chair@gmail.com

**Finanzamt Frankfurt am Main III, Steuernummer 4525501118 – K18, Amtsgericht Frankfurt am Main. Vereinregister Nr. 14962**